# ኤርትራዊያን ተቐማጦ ከለንን ከባቢኣን
# መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡
# ብልዑል ሓበን ዘኪሮም ፡ ኣታዊ ናይታ ዕለት ንማዕከን ሰማእታት ኣወፍዮም

ኤርትራዊያን ተቐማጦ ከለንን ከባቢኣን ብዕለት 20.06.2014 ካብ ሰዓት 16.00 ክሳብ ሰዓት 19.00 ኣብ ገረብ ሰውኣት ተራኺቦም ሰማእታቶም ብኽብሪ ዘኪሮም። መዓልቲ ሰዉኣት ብዜማ ቐሰኑ ሰማእታታና ዝተሰነየ ዝኽረ ሰማእታት ድሕሪ ምኽፋቱ ተሳተፍቲ መደብ ብተመሃሮ ማ/ኮምን ሕጻናትን መንእሰያትን ዝምራሕ ናይ ሰማእታት መዝሙር እናዘመሩ ኣብቲ ቦታ ናይ እግሪ ጉዕዞ ኣካየዱ ። ናብ ገረብ ሰማእታት ምስ ተመልሱ ብኣቦ መንበር ማ/ኮም ከለንን ከባቢኣን ኣቶ ኣስመላሽ ተስፋይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ብቐንያቱ መላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን፡ ነዛ ዕዝዝቲ ዕለት ኣማዕሪጉ ንዝኽርን ክብርን ሰማእታቱ ነቶም ጸላም መግዛእቲ ቀንጢጦም ብርሃን ናጽነት ዘርኣይዎ ሰማእታት፡ ቀንዴል ወሊዑ፡ ንርዝነት ሞያኦም ዘድምቕ ዝተፈላለየ መደባት ኣሰናዲኡ መዘና ኣልቦ ፍቕሩን ምስጋናኡን ዝገልጸላ ረዛን ዕለት ጥራይ ዘይኮነት ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም፡ ዘይክኣል ዝተባህለ ምረት ጸይሮም፡ ብዘይጽዓድ ሕልና ተቓሊሶም፡ ዓለም ትሕቲ መሬት ከተሰፍሮ ዝሃቀነት፡ ባህግን ምርጫን ህዝቦም ክዉን ዝገበሩ፡ እልፊ ኣእላፍ ብሉጻትን ሕሩያትን ዜጋታቱ ዘለዎ ኣኽብሮትን ምስጋናን መስፈሪ የብሉን በለ። ቀጺሉ ኣቶ ኣስመላሽ ብኣዝዩ ክቡር መስዋእቲ ህላወኣ ዘረጋገጸት ሃገርና እምበኣር፡ ብመጠን ዝተኸፍላ ዋጋ፡ መሬት ረዚን ሕድሪ እያ። ሞሳ ሰውኣታ፡ ብግብሪ ንምኽፋል ተወፍያ ክትዓዪ ድማ ከቢድ ማሕላ ኣለዋ። ክንዲ ዝኾነ እዛ ክብርቲ ዕለት'ዚኣ ንሰማእታት ዘለና ኣኽብሮት፡ ፍቕሪን ምስጋናን እንገልጸላ ዕለት ጥራይ ኣይኮነትን። ሞሳኦም ብተግባር ንምኽፋል ዝኣተናዮ ቃል እነሐድሰላ ዕለተ መብጽዓ ስለ ዝኾነት ንሕና ኤርትራውያን ተቐምጦ ከለንን ከባቢኣን ድማ እንሆ ብምብራህ ጥዋፍን ብናይ ሕልና ጸሎትን ሰማእታትና ንኽንዝክርን ሕድሪ ዝገድፋልና ሃገር ብትብዓት ክንከላኸለላን ክንምክተላን ፡ ሓድጎም ዝኾኑ ሰድራቤት ሰማእታትና ከይሓዝኑ ክንድብስ ከይዝኽትሙ ክናብዮም ፡ ብግብሪ ሓላፍነትና ከንዒዝዝ ናይ ነውሲ ወክወፍና ሓላፍነት ኢዩ ክብል ለበዋኡ ብምልጋስ መገለጺ ዛዘመ።

ቀጺሉ ሕጻናትን መንእሰያትን ንስነስርዓት መደብ ሽምዓ ብምብራህ መርሕዎ። ተሳተፍቲ መደብ ድማ ነቲ ኣብነታትዊ ጅግንንትን ተወፋይነት ሰማእታት ኤርትራ ብምሙዃስን ብምስትንታንን ንሰማእታትቶም ውሽጣዊ ሕልናዊ ቃል ኪዳኖም ድሕሪ ምሕዳስ ኣብቲ ተቐሪቡ ዝነበረ እኽለማይ ምስታፍ ጀመሩ። ኣብ መደምደምታ ሽማግለ ማ/ኮም ከለንን ንብኣጋጣሚ 20 ሰነ ኣታዊ ናይ ዝተኻየደ ንጥፈታትን ብተሳተፍቲ መደብ መዓልቲ ሰማእታት ዝተዋጽኤን ዝተወፈየን ብድምር **567 €** (ኦይሮ) ናብ ማዕከን ሰማእታት ከምዝኣቱ ገሊጹ።

ከምወትሩ ብተሳትፎ ኣብ ስራሕ ናይቶም ኣብ ከተማ ከለን ኣብ ኩሉ ሃገራዊ ጉዳያት ሰሚሮም ዝገጥሙ ኣባላት ኩለን ማሕበራትን ካብ ከለንን ከባቢኣን ዝመጹ ኤርትራዊያን ልክዕ ሰዓት 7.00 ድ.ቀ. መደብ ዝኽሪ ሰማእታት ብዓወት ተዛዚሙ።

ጀጋኑ ሰማእታትና ይተሓበኑ ፡ ወትሩ ድማ ብኽብሪ ይዘከሩ
ዓወት ንሓፋሽ

ሽማግለ ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ዕለት 20. 06. 2014